ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ንዝተፈላለዩ ሴክተራት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ።ስለዚ ክትጫረቱ እትደልዩ ተጫረትቲ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 8, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 27, 2011 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
ቦታ:ሓዉዜን
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ ጥቅምቲ 27, 2011 08:30 ደ/ሰዓት
መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዝተጠቀሰ ዘርፍ ንግዲ ፍቃድ ናይ 2010 ዓ/ም ዝተሐደሰ ዘለኩም::

2 ናይ 2010 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈልኩም::

3 ቲን ካርድ መረዳእታ ዘለኩም::

4 ቫት ተመዝገበቲ ዝኾንኩም::

5 ናይ ወርሒ ነሓሰ ዲክለራስዩን ዝገበርኩም::

6 ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ሴርትፊኬት ኣተሓሒዙ ዘቕርብ::

7 ናይ ሕድሕድ ዓይነት ንብረትት ቅድሚ ጨረታ ነቲ ጨረታ መኽበሪ 3000.00(ሰለስተ ሺሕ) ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ባንኪ ዝተመስከረሉ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል::

8 ናይቲ ሸያጥ ዝርዝር ዶኩሜንት ዘይምለስ 50.00 ብር (ሓምሳ ብር) ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ከ /ስ /ዕ /ንብ /ምም /ርን ቁፅሪ 01 ምዉሳድ ይከአል

9 ካብ ዕለት 07/02/2011ዓ/ም ጀሚሩ ዝርዝር ናይ ጨረታ ዶክሜንት ብምዕዳግ ኣብ ናይ ባዕልና ዝተዳለወ ዶክሜንት ብምምላእ ኦርጅናልን ፎቶ ኮፒን ነንበይኑ አብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ዓሺግኩም ፊርማን ማህተምን ተገይሩሉ አብ ቤት ፅ/ት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሓዉዜን ቁፅሪ 01 ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ይእቱ ::

10 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 27/02/2011 ዓ/ም 8:00 ናይ ድሕሪ ሰዓት ተዓፅዩ ሸዑ ንሸዑ ሰዓት 8:30 ይከፈት

11 እቲ ዘይሰዓረ ተጫራታይ ዘትሓዘ ናይ መኽበሪ ጨረታ ቢድባንድ ሰዓራይ ምስተገለፀ ብመምርሒ ዕዳጋ መሰረት ይምለሰሉ::

12 እቲ ጨረታ ዝሰዓረ ሰብ በቲ ዝሰዓረ ዋጋ ከቅርብ ፍቃደኛ እተዘኮይኑ ዘትሓዘ ቢድ ቦንድ ናብ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይኸዉን::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ሰዓራይ ዉዕሊ ኣሲሩ ንበረት ኣታዊ ዘይገበረ እቲ ኣታዊ ዘይተገበረ ንብረት ብሕድሕድ መዓልቲ 1/1000 ተቀሚዑ እቲ ዝሰዓሮ ንበረት ኣታዊ ይገብር

14 ሰዓራይ ዝተገለፀሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 (ሓሙሽተ መዓልቲ) ተካታተልቲ ዉዕል ዝአስር

15 ሰዓራይ ኣብ ዝተገለፀሉ ቀሪቡ ዉዕሊ እንተዘይ አሲሩ ብመምርሒ ዕዳጋ መሰረት መከበሪ ጨረታ ዝቅፃዕ ምኻኑ ::

16 ሰዓራይ ንዝስዕሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ወረዳ ሓዉዜን ትልምን ፋይናንስ ኣጎዓዚዙ ዘቅርብ

17 ብመምርሒ መሰረት ኣብ እንዕድጎ እንዕድጎ ንብረት መጠን ፅሕፈት መሳርሒ 20 % ክንዉስክ ክንቅንስ ንክእል ኢና

18 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብምሉእ ወይ ብክፋል ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ብተለይ ኣብ ቀለም ፣እስክርፒቶ ኦርጅናል ዘቅርብ እስክርቢቶ ብሳምፕል መሰረት ከቅርብ ዝክእል

ንዝበለፀ ሐበሬታ 0346-670078

19 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረከቡ ብምሉእ ወይ ብክፋል ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

20 እቲ ኣቅሓ ብበዓል ሞያ ተረጋገፀ ንብረት አታዊ ምስ ኮነ ክፍሊት ዝፍፀም ከም ዝኮነ አሚኑ ዝቅበል ክከዉን አለዎ

ንዝበለፀ ሐበሬታ 034-6670078

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle